ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ　　　　جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية

Eritrean National Salvation Front

## ዜና

## ኤርትራውያን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም፥

ሽማግለ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ኣዲስ ኣበባን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ብሓባር ዘወደቡዎ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ኤርትራውያን ዉዑይ ሰላማዊ ሰልፊ ዕለት 7 ሓምለ 2008 ተኻይዱ። ዕላማ ናይዚ ሰላማዊ ሰልፊ'ዚ መንግስታት ምስሪን ሊብያን ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ኤርትራውያን ዝወስዱዎ ዘሎዉ ኢወልንታዊ ምምላስ ምዅናንን  ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ነዚ ኣስገዳድ ምምላስ ስደተኛታት ኤርትራውያን ደው ንምባል ኣብ ልዕሊ ክልቲኦ መንግስታት ተጽዒኖታቱ ንምሕያል ናብ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ጥርዓን ምቕራብን'ዩ።

ናይ'ዚ ውዑይ ሰላማዊ ሰልፊ ሰብኣዊ ዕላማ ዘንጸባርቕ ብዓረበኛን ትግርኛን እንግሊዝኛን ንረኣያይ ብዝስሒብ መልክዕ ተጻሒፉ። ገለ ካብኡ        '' ስደት ብግዱድ ምምላስ ስደተኛታት ኣይፍታሕን''!! " ናይ ግብጽን ሊብያን ኢወለንታዊ ምምላስ ስደተኛታት ንዅኒን"!! " ንሕና ኤርትራውያን ስደተኛታት ሰላምን ፍትሕን ንደሊ"!! ዝብሉ'ዮም። ኣብዚ ሰላማዊ ሰልፊ'ዚ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዚቕመጡ ኤርትራያን ስደተኛታትን ካብ ኣዲስ ኣበባ ዚነብሩ ኤርትራውያን ተቀማጥን ብርክት ዝበሉ መናስያትን ሽማግለታትን ህጻናትን ካብ ክልትኡ ጾታ ዝተሳተፎምዎ።

ተሰለፍቲ መሳርያም ብክልቴኣን ባንደራታት ኣምሪሖም ጭርሖታቶም እናገተሩን ብዓው ዝበለ ድምጺ እናኣሰንዩዎን፣ ካብ'ቲ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ከም መራኽቢ ቦታ ክኸውን ዝመረጸቶ ምኒልክ ሆስፒታል  ብምብጋስ፣ ቀዳማይ ጉዕዞ ሰላማዊ ሰልፊ ናብ ኢምባሲ ምስሪ ኣምሪሑ። ኣብ ቅድሚ ቀጽሪ ኢምባሲ መንእሰይ ክፍለ ማርያም ኣቦመንበር ሽማግለ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቃል ሰላማዊ ሰልፊ ኣንቢቡ። ናብ ኣምባሳዶር ምስሪ ድማ መዘከር ሰላማዊ ሰልፊ ልእኹ።

ካልኣይ ጉዕዞ ሰላማዊ ሰልፊ ናብ ኢምባሲ ኣመሪካ  ኣምሪሑ። ሕቶ ሰላማዊ ሰልፊ ንምስማዕ ካብ ኢምባሲ ንዝመጸ ሓላፊ፣ ኣቦመንበር ሽማግለ ስደተኛታት ብቃል ዝርዝር መብርሂ ድሕሪ ምቅራብ መዘከር ሰላማዊ ሰልፊ ኣረከቡዎ።

ሳልሳይ ጉዕዞ ሰላማዊ ሰልፊ ናብ ኢምባሲ ሊብያ ኣምሪሑ። ሰልፈኛታት ጭርሖታቶም ኣስምዮም። ኢምባሲ ሊብያ ንሰላማዊ ሰልፊ ብቪድዮ ካሜራ ስእሉዎ። ኣቦመንበር ሽማግለ ስደተኛታት ኤርትራውያን ናይ ሰላማዊ ሰልፊ መዘከር ናብ ዝምልከቶ ኢምባሲ ሊብያ ኣረኪቡ።

ራባዓይን መወዳኣታን ጉዕዞ ሰላማዊ ሰልፊ ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሕብረት ኣፍሪቃ ኣምሪሑ። ሰልፈኛታት ብዓው ዝበለ ድምጺ ጭርሖታቶም ኣስምዮም። ሰለስተ ዝኣባላታ(ክፍለማርያም፣ ሙሴ ዜና፣ ስብሓትን) ሽማግለ ሰላማዊ ሰልፊ፣ ንፖለቲካዊ ዳይረክተር ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ዝርዝር መብርሂ ዕላም ሰለማዊ ሰልፊ ኣቅርባትሉን መዘከር

ሰላማዊ ሰልፊ ኣረክባቶን። ብወገኑ ነዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ብምኳን ክከታተሉ ምኳኑ ንሽማግለ ሰለማዊ ሰልፊ ኣረጋግጹላ።

ኣብዚ ውዑይ ሰላምዊ ሰልፊ'ዚ ናይ ኤዲኪን ውድባት ኣባላቱን ኣባላት መሪሕነታት ምስ ስፊሕ ህዝቢ ተሰሊፎም ወዒሎም። ዓብደላ ማሕሙድ ኣቦመንበር ማእከላይ መሪሕነት ኤዲኪ ሓላፊ ዜናን ባህልን ግሃድኤ፣ ሞኮነን ሃይለ  ሰክርተር ማእከላይ መሪሕነት ኤዲኪን ምክትል ኣቦመንበር ኤህም፣ ተወልደ ገበረስላሴ ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤዲኪን ኣቦመንበር ህዴግኤ፣ ሓጅ ዓብዱ ኑር ምክትል ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤዲኪን ሓላፊ ዓንኬል ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዲሰኤ፣ ገብረ ሚካኤል ኣስካለ ኣባል ሽማግለ ዜና ኤዲኪን ሰክርተር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ፣ ኑር ኣድሪስ ኣባል ሽማግለ ዝምድናታት ወጻኢ ኤዲኪን ኣቦ መንበር ሰልፊ ናህዳ፣ ወልደየሱስ ዓማር ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ኤዲኪን ኣቦመንበር ፈጻሚት ሽማግለ ተሓኤ-ሰውራዊ ባይቶ፣ ተስፋሁነይ መስፍን ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ኤዲኪን ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ህዴግኤ፣ ኡስታዝ መሓመድ ኑር ኣሕመድ ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ኤዲኪን ምክትል ኣቦመንበር ሰዲኤ፣ ዶክቶር በየነ ኪዳነ ሓላፊ ዝምድናታት ወጻኢ ግሃድኤ፣ መንግስተኣብ ኣስመሮም ሓላፊ ዜናን ባህልን ተሓኤ-ሰውራዊ ባይቶ፣ ጅምዕ በኺት ሓላፊ ማሕበራዊ ጉዳያት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ተኸስተ ገረሂወት ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ህዴግኤ፣ ገብረኣብ ኣርኣያ ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ህዴግኤ፣

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ
7 ሓምለ 2008